## እማመ ሓድነት ናይ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ

እዚ ናይ ስሙር ሃገራዊ ግንባር እማመ እዚ ብዕለት 03.01.2004 ዓ.ም ንመሪሕነታት ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታትን ሰልፊ ዲሞክራሲን ካልኦት ተቓወምትን ዝቐረበ እማመ ኢዩ። ዕላማኡ ድማ፡ ኣብቲ ቀሪቡ ዘሎ ኣብ ዝተሓተ ነጥብታት ዝተመርኮሰ 10 ዓንቀጻት ናይ እንካን ሃባን ዘተ ተኻይዱ ንምሕዝነትን ካብ ምሕዝነትን ወጻኢ ዝርከቡ ተቓወምቲ ውድባትን ኣብ ትሕቲ ሓደ ጽላል ወይ ግንባር ንምጥርናፍ ኢዩ።

ህዝቢ ነቲ ኣብ መንጎ ውድባት ዝካየድ ዘሎ ዘተታት ብግቡእ መታን ክከታተል ድማ፡ ከምዘለዎ ናብ ህዝቢ ንዝርግሖ ከምዘሎና ክንሕብር ንፈቱ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
12.07.2004

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ
ሰውራዊ ባይቶ

جبهة التحرير الإرترية
المجلس الثوري

**ERITREAN LIBERATION FRONT**
**REVOLUTIONARY COUNCIL**

## ርእይቶና ብዛዕባ ሓደነት ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ

ብሰንኪ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ስልጣን ካብ ዝጭብጥ ኣትሒዙ፡ ኣብ ኵሉ መዳያት ብዘካየዶ ገበነኛ ፖለቲካን ተግባራትን፥ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ሰፊኑ ዘሎ ምክፍፋልን ምፍንጫልን ተስፋ ቊርጸትን ካብ ዝኾነ ይኹን ሰብ ስውር ኣይኰነን።

እዚ፡ ንስርዓት ኢሳያስ ተቓወምቲ ዝኾኑ ሓይልታት ኤርትራ ብፍላይ፡ ነዚ ሃገርና ኣብ'ዚ እዋን'ዚ እተሓልፎ ዘላ መሪር ዝኾነ ኵነታት ክምክቱን፤ ሓፈሻዊ ኤርትራዊ ርእይቶ፡ ብኹሉ ክፍልታቱ፡ ኣንጻር'ቲ ከቢብዋ ዘሎ ምክፍፋልን ተስፋ ቊርሰትን ሓደን ሓድነትን ኰይኑ ደው ክብሉን ብዕቱብ ክሰርሑን፤ ከምኡ ውን፡ ኵሉ ሰብኣውን ንዋታውን ዓቕምታቶም ብምጥርናፍ፡ ንዲክታቶርነት ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምውዳቕን፥ ናብ'ቲ ትጽቢት ዝግበረሉ ዕላማታት ሰላምን ብልጽግናን ዲሞክራስን ንምስግጋርን ክውዕልዎ ዓቢ ታሪኻዊ ሓላፍነት ዘሰክምን ኢዩ።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ክሊ'ቲ ምእንቲ ምሉእ ሃገራዊ ሓድነት ንምርግጋጽ ዝካየድ ዘሎ ጻዕርታት፡ ሓድነት ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ብቀዳማይ ደረጃ ተገዳስነት ክውሃቦ ከምዘለዎ ይኣምን። ምኽንያቱ ድማ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንድሕነት ናይ ሃገሩ ኣንጻር'ቲ ብልሽው ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘምርሖ ዘሎ

ጸልማት ጉዕዞ ብንጥፈት ንኽዋሳእን፥ ሓደን ሓድነትን ኰይኑ ኣብ ጐድኒ'ቲ ፍትሓዊ ጉዳዩ ደው ንኽብልን፤ ምርግጋጽ ሓድነት ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ፡ እቲ ቅኑዕ መእተውን ኣድላዪ ቅድመ-ኩነትን ነቲ ምእንቲ ሓድነት ኩሉ ክፍልታት ኤርትራዊ ሕብረተ-ሰብ ንምርግጋጽ ዝግበር ዘሎ ዝኾነ ይኹን ጽዓታት ስለዝኾነ ኢዩ።

ተቓወምቲ ውድባት፡ ናይ ህዝቢ ተኣማምነትን ንክረኽቡን በዚ ኣቢሎም ድማ፡ ሓድነት ናይ ህዝቢ ከረጋግጹን እንተደኣ ኰይኖም፥ ብቐዳምነት ልዕሊ ፍልልያቶም ኰይኖም ክርከቡን፤ ንጥፈታቶም ኣብ ሓባራዊ ዕላማ ክጸምዱን ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ሓድነት ዘይብሉ፡ ሓድነት ከምጽእ ስለዘይክእል ኢዩ።

ነዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ሓቅታትን፤ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ንመሰረታት ተቓወምቲ ውድባት ከኣ ብፍላይ፥ ድሕሪ ቅልውላው 5ይ ስሩዕ ኣኼባ ላዕለዋይ መሪሕነት፡ ኣብ ኣድማዕነት ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራን፡ ለውጢ ናይ ምምጻእ ዓቕምታቱን ዘሕደሮ ናይ እምነት ጉድለትን ተስፋ ቊርጸትን ኣብ ግምት ብምእታውን፤ ከምኡ ውን፡ ብሰንኪ'ዚ፡ ኣብ ህዝብና ክስዕብ ዝኽእል ሓደጋታት ናይ ሕንፍሽፍሽን ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝኸስተሉ ወርቃዊ ዕድልን ብምርዳእን፤ ብተወሳኺ፡ ነቲ ኣብ ኣስመራ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣውዲቕካ፡ ህዝብና ብስኒትን ማዕርነትን ሰላምን ክነብረሉ ዝኽእል ዲሞክራስያዊ ናይ ብዙሓት ሰልፍታት ስርዓት ምትካል ዝብል ዕላማና ጌና ኣብ ሽቶኡ ስለዘይበጽሐን፤ ብዘይ ሓድነትን ምርድዳእን ናይ ሃገራውያን ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ፡ ነዚ ህልዊ ጸገማት ንምስዓር ይኹን ንመሰጋገሪ መድረኽ ብዓወት ብምስጋር ናብ'ቲ እንጽበዮ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ክንበጽሕ ከምዘይንኽእል ስለእንርዳእ ኢዩ።

ካብ'ዚ ብምምብጋስ፡ ተቓወምቲ ውድባትን ኩሎም ንልዑል ሃገራዊ ጥቕምታት ዝሕለቑ ሓይልታትን፡ ልዕሊ ፍልልያቶምን መረረታቶምን ክብ ክብሉን ናብቲ ንህዝቢ ኤርትራ ብመላኡ ዘገድሱ ጉድያት ክጥምቱን፤ ሃገራውን ቃልሳውን ኣድላዪነት ከምዘለዎ ንርኢ።

ስለ'ዚ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ጠንቅታት ናይ'ቲ ኣብ 5ይ ስሩዕ ኣኼባ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ዘጋጠመ ቅልውላውን፤ ዘስዓቦ ምልሕላሕ ናይ ሓድነትን፤ ንደምበ ተቓውሞ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ዘካይዶ ቀጻሊ ቃልስታት ዘስዓበሉ ኣሉታታትን ብወድዕነት ድሕሪ ምምዛን፤ ንሓድነት ተቓወምቲ ሓይልታት ዝምልከት፡ እማመ ነቕርብ። እማመና፡ ህዝብና ኣብ ሓርነትን ናጽነትን ዘለዎ ድሌትን ትጽቢታትን ዝገልጽ መትከላትን ዕላማታትን፤ ከምኡ ውን፡ ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ፡ ኣብ ውልቃዊ ይኹን ሓባራዊ መደብ ዕዮታቶም ዘስፈርዎ ሃገራዊ መትከላትን ናይ ሓባር ረቛሒታትን ዝሓዘለ እማመ ናይ ሃገራዊ ቻርተር ኢዩ። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ንዓንቀጻት ናይ'ዚ እማመ'ዚ ንምውሳኽ ይኹን ንምምሕያሽ ምስ ኩለን ተቓወምቲ ውድባት ብህጹጽ ኣብ ዲሞክራስያዊ ልዝብ ንምእታው ዘለዎ ቅሩብነት ድማ የረጋግጽ።

ብተወሳኺ፡ ምስ እዋናዊ ኣተሃላልዋ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ፡ ዝሰማማዕን ተግባራዊ ዝኾነን፤ ከምኡ ውን፡ ድሕሪ 5ይ ስሩዕ ኣኼባ ምሕዝነት ዝተሓልፈ ተመኩሮ ኣብ ግምት ብምእታው፤ ስሙር ሃገራዊ ግንባር እቲ ዝሰማማዕ ኣገባብ ወይ

እማመ ምኻኑ ንርኢ። እዚ ከኣ፡ ነቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምውዳቕን ነቲ ስዒቡ ዝመጽእ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ ብብቕዓት ንምግጣም ኣብ ዘኽእሉ ብካዕባውን ሓባራውን ልዝባት ኣብ እንበጽሖም ዝተሓተን መድረኻውን ዝኾነ መደብ ዕዮ እተመርኰሰ ይኸውን።

*ዕላማታትን መትከላትን ስሙር ሃገራዊ ግንባር*

1. ጸረ ዲክታቶርነትን ጭቆናን ጸረ ኵሉ ዓይነት ናይ ባህላውን ሃይማኖታውን መበቆልን ጸታን ፍልልያትን ኣድልዎን ምቅላስ፤
2. ናይ ኵሎም ኤርትራውያን መሰላትን ግቡኣትን ብማዕርነት ዘኽብር ናይ ብዙሓት ሰልፍታት ዲሞክራስያውን ሕገ-መንግስታውን ፖለቲካዊ ስርዓት ምምስራት። እዚ ከኣ፡ ኣብ ትሕቲ ግዝኣተ-ሕግን ናይ ሓጋግን ፈጻምን ፈራድን ስልጣናት ምክፍፋልን ሰላማዊ ምቅብባል ናይ ስልጣንን ዝሰፈኖ ኵነታት ይኸውን።
3. ናይ እምነትን ኣምልኾን ምሕሳብን ምውዳብን ምእካብን ርእይቶኻ ብእተፈላለየ ሰላማዊ ኣገባብ ምግላጽን ናጽነታት ምኽባር፤ ናይ ወዲ ሰብ መላእ ሰብኣዊ መሰላት ምክልኻልን ናይ ፍትሕን ማዕርነትን ክብርታት ንምንጋስ ምጽዓርን።
4. ናይ ባህልን ሃይማኖትን መበቆልን ብዙሕነት ምኽባርን፤ ብሰላም ጐኒ ንጐኒ ናይ ምንባር ባህሊ ምስራጽን ኣብ መንጎ ንኤርትራዊ መንነት ዘቘሙ እተፈላለዩ ኣካላት ኣዎንታዊ ዝኾነ ምትእትታው ክህሉ ምስራሕ፤
5. ኣብ ክሊ ሓድነት ህዝብን መሬትን ኤርትራ ዘረጋግጽ ክውንነት፡ ዘይምእኩል ስርዓት ምምሕዳር ዘለዎ መንግስቲ ኤርትራ ምምስራት፤
6. ኣብ ወግዓዊ ስርሓትን ናይ ዜና ማዕከናትን ትምህርትን ብዕላውያን ቋንቋታት ዓረብኛን ትግርኛን ምጥቃም ምቕባል፤
7. ሰብኣዊ መሰላትን ንምኽባርን ኣብ ዓለምና ሰላም ንምስፋንን ብኣህጕራዊ ቻርተራትን ስምምዓትን ምምእዛዝ፤
8. ናይ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ዝምድና ምስ ጐረባብታ ዝኾና ሃገራት ኣብ መትከላት ሰናይ ጕርብትናን ናይ ሕድሕድ ምክብባርን ሓባራዊ ረብሓ ምርግጋጽን ንፍልልያት ብሰላማዊ ዘተን ብሕውነታዊ ኣገባብ ኣብ ምፍታሕን እተመርኰሰ ክኸውንን፤ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ብሓባር ዞናዊ ብልጽግናን ርግኣትን ንምርግጋጽ ብግብሪ ምስታፍን፤ ከምኡ ውን፡ ምስ ኣህዛብ ጐረባብቲ ሃገራት ዘለና ባህላውን ታሪኻውን ሰብኣውን ዝምድናታት ንምምዕባልን ንምዕሟቕን ምቅላስ።
9. ናጻ መንግስቲ ኤርትራ፡ ምስ ዓረባውን ኣፍሪቃውን ዓለም ዘለዋ ዝምድናታት ንምድልዳል ምጽዓር። እዚ ከኣ፡ ብካዕባዊ ይኹን ብሓባራዊ ኣገባብ ምስ ሓድነት ሃገራት ዓረብን ሓድነት ኣፍሪቃን፡ ከምኡ ውን፡ ካልኦት ዞናዊ ትካላትን ብዝፍጠር ድልዱል ዝምድና ኣቢሉ ይኸውን፤
10. ብውልቀ መራሒ ኢሳያስ ዝልለ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ሓንሳብ ንሓዋሩ ክሳዕ ዝወድቕ፡ ሓድነት ውድባት ኤርትራን ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ብኹሉ መልክዓቱ ንምርግጋጽ ምቅላስ። እዚ ከኣ፡ ኣብ መንጎ ተቓወምቲ ዝርከብ ካልኣዊ ፍልልያትን ናይ ርእይቶ ፍልልያትን ብዲሞክራስያዊ ዘተ ብምፍታሕ ይኸውን። ኣብ ሃገራዊ መቐሚታትን ናይ ሓባር ረቛሕትታትን ብምርጋጽን፥

ናይ ካልእ ርእይቶ ብምኽባርን ንልዑል ዕላማታት ሰላምን ሓድነትን ዲሞክራስን ንምርግጋጽ ምቅላስ።

ኣቃውማ ስሙር ሃገራዊ ግንባር፡-

ስሙር ሃገራዊ ግንባር፡ ኣብ መጀመርያ በዞም ዝስዕቡ ውድባት ይቐውም፡-

1. ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
2. ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ
3. ህግሓኤ-ሰ,ዲ
4. እዘን ሰለስተ መስረቲ ውድባት ዝሰማምዕሎም ካልኦት ውድባት

ቅርጻን ትካላትን ስሙር ሃገራዊ ግንባር

ስሙር ሃገራዊ ግንባር፡ ብመሰረት ዝብጻሕ ስምምዓት፡ ነቲ ግንባር ዘቑሙ ወከልቲ ውድባት ዝርከብዎ ሓደ ስሙር ማእከላዊ መሪሕነት ይምስርት።

ዕማማት ስሙር ማእከላይ መሪሕነት

ሀ. ናይ'ቲ ስሙር ሃገራዊ ግንባር ፖሊሲታት ትሕንጽጽን ናይ ሓባር ትልምታት ተውጽእን ናይ ምምሕዳሩን ምክትታሉን ሓላፍነት ትስከምን፤
ለ. ንስርሓት ስሙር ማእከላይ መሪሕነት ዝውድቡ ውሽጣዊ ስርዓታት/ሕግታት ትውስን፤
ሐ. ኣድላዪ ኢዩ ንዝበለቶ ዕማማት ኣብ ግብሪ ዘውዕላ ትካላትን ተቖውምን ውሽጣዊ ሕግታተን ትሰርዓለንን፤
መ. ሃገራዊ ዋዕላ ብኸመይ ይካየድ ይርኢ. እዚ ከኣ፡ ንትሕዝቶን ዕላማታትን ሃገራዊ ዋዕላን ኣብኡ ንዝሳተፉ ሸነኻትን፤ ከምኡ ውን፡ ንምዕዋቱ ዘድልዩ ተግባራዊ ምምሕዳራውን ተክኒካውን ምድላዋትን ድሕሪ ምጽናዕ ይኸውን።

ኣብ መደምደምታ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ቅድሚ ምቛም ስሙር ሃገራዊ ግንባር ይኹን ድሕሪኡ ናይ ምትሕብባርን ምትሕግጋዝን ካዕባዊ ዝምድናታት ክህሉ ይርሕብ።

ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ
ኣቦ መንበር ሸማግለ ዘተ
ተሓኤ ሰውራዊ ባይት
03.01.2004